# ኣባላት ፈጻሚ ኣካል ሰደኤ ኣብ ሽወደን

ዕለት 18-19 ሕዳር ኣብ ክልተ ከተማታት ሽወደን ኡፕሳላን ስቶክሆልምን ኣባላት ፈጻሚ ኣካል ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ ኣቶ ሓምድ ድራር ኣሕመድን ኣቶ ሰመረ ከሰተን ምስ ኤርትራውያን ክፉት ኣኼባ ኣካይዶም። ኣብቲ ብዕለት 18 ሕዳር ኣብ ከተማ ኡፕሳላ ዝተኻየደ ክፉት ኣኼባ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን፡ ዓበይትን መንእሰያትን ንነዊሕ ዓመታት ካብ ሳላሳ ዓመት ንላዕሊ ዝተቐመጡን ሓደስትን፡ ዝተፈላለየ ፖሊቲካዊ ኣረኣእያ ዘለዎም ኤርትራውያን ተኻፊሎም ነይሮም።

ኣቶ ሓምድ ድራር ኣብ መእተዊ ቃሉ፡ ንዝዓደምዎ ኣባላት ሰደኤ ምስጋና ድሕሪ ምሃብ፡ ተኻፋልቲ'ውን ነቲ ዕድመ ኣኽቢሮም ምምጽኦም ብምምስጋን፡ መልእኽቱ ኣድላይነት ኣሎዎ ዝበሃል እንተኾይኑ ብትግርኛን ዓረብን ከቕርብ ከም ዝኽእል ኣብሪሁ። ኩሎም ተኻፈልቲ ትግርኛ ዝርድኡ ምዃኖም ምስ ተፈልጠ ድማ ብትግርኛ መግለጺኡ ጀሚሩ። ብመሰረት ኣብቲ ዕድመ ኣኼባ ተጠቒሱ ዝነበረ ኸኣ፡ ፖለቲካዊ ውሳኔታት ካልኣይ ጉባኤ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ ምዃኑ ጠቒሱ ኣብ ኣርእስተ ቃሉ ኣትዩ።

ብመጀመርያ ህግደፍ ፈጢሩዎ ዘሎ ፖሊቲካዊ ምልኪ ኣብ ልዕሊ መላእ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብዘይፍልልይ ንኹሉ ኣብ ግዝኣተ ዕፈናን ራዕድን ኣእትዩዎ ምህላዉ ሰደኤ እምነቱ ምዃኑ ኣረጋጊጹ። ኣብዚ ብምምርኳስ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ መንግስቲ ብዝኾነ ኣጋባብን ትሕስቶን ንዝኾነ ክፋል ካብ ህዝቢ ኤርትራ ኣይውክልን'ዩ ኢሉ ይኣምን ክብል ሓምድ ድራር ድሕሪ ምግሃዱ፡ ብተሳታፍነት ኩሉ ህዝቢ ኤርትራን ምትሕብባር ፖለቲካዊ ሓይልታቱን ምእላይ ህልዊ ስርዓት ኤርትራ፡ ንሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ ቀንዲ ካብ ናይ ቀረባ ዕላሙኡ ምዃኑ ሓምድ ድራር ኣብሪሁ። ነዚ ኣብ ሽቱኡ ንምብጻሕ ሰደኤ ዝጥቀመሉ ኣገባብ ቃልሲ ሰላማዊ መንገዲ ምዃኑ'ውን ተገሊጹ።

ኣብ ኤርትራ ንዘሎ ዓማጺ ምምሕዳር ዝቃወምን ንዑኡ ኣልጊስካ ፍትሓውን ኣብ ኩሉ መዳያት ፖለቲካ ቍጠባ፡ ባህልን ማሕበራዊ ጉዳያትን፡ ደሞክራስን ሰብኣውነትን ሰላም

ዝሰፈና ኤርትራ ንምምጻእ ሰደኤ ፕሮግራሙን ቀዋሙን ዳግም ኣብ ካልኣይ ጉባኤኡ ኣረጋጊጹ ምህላዉ ሓምድ ድራር ተገሊጹ፣ ክልተ ሕቶታት ኣልዒሉ። ጉዳይ ምምሕዳራዊ ምክፍፋልን ዋንነት መሬትን። እዚ ብመንግስቲ ህግደፍ ዝተጀመረ ንሃገርን ህዝብን ኤርትራ ኣብ ፖለቲካዊ ቁሉውላውን ማሕበራዊ ሽግራትን ዘስዓበ ምምሕዳራዊ ምክፍፋል ዞባታት ወጊድካ፡ መጽናዕቲ ተገይሩ፡ ርእይቶን ጠለብን ህዝቢ ኣብ ግምት ዘእተወ ሓድሽን ኣብ ህዝቢ ደሞክራስያዊ ቅቡልነት ዘሎዎ ደረጃ ዝብጻሕ፡ እቲ ቅድሚ 1995 ዝሰርሓሉ ዝነበረ፡ ኣብ ኣውራጃ ዝተሰረተ ስርዓተ ምምሕዳር ክስረሓሉ ክጸንሕ ሰደኤ ወሲኑ ከምዘሎ በሪሁ። እቲ ካልኣይ ብመንግስቲ ህግደፍ ዝሰርሓሉ ዘሎ ገባቲ ኣገባብ ዋንነት መሬት ዝምልከት እዩ። ኣተሓሕዛ መሬት ስርዓት ህግደፍ፡ ንዜጋታት መሬት ናይ ምውናንን ብመሬት ናይ ምጥቃምን መሰል ንህዝቢ ስለዘይህብ፡ ብኣንጻሩ ንግብረ ሽበራዊ ፖለቲካዊ ዓመጹ ዘስፍሕ መሳርሒ ገይሩዎ ይርከብ። ሰደኤ ንተግባራት ህግደፍ ኣብ ኣጠቓቕማ መሬት ኰኒኑ፡ ዋና መሬት ህዝቢ ምዃኑ ምብእማን፡ ተጠቃምነት መሬት ኣብ ዋጋ - ዕዳጋ ኪወርድ ከም ዘይብሉ ሰደኤ ጽኑዕ እምነቱ ምዃኑ ሓምድ ድራር ገሊጹ።

ስርዓት ህግደፍን ክፉእ ፖለቲኩኡን ከብቅዕ ተቓዋሚ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ብሓባር ተወሃሂዶን ተጠርኒፉን ክሰርሕ ምስ ዝኽእል ኣብ ምቕያር ስቓይን መከራን ህዝቢ ኤርትራ ዓቢ እጃም ክጻወት ከም ዝኽእል ሰደኤ ጽኑዕ እምነቱ ምዃኑ ብምርግጋጽ፡ ዝተሓተ ሓባራዊ ራኢን ፕሮግራምን ዝመሰረቱ ጽላል ውድብ ክምስረት ካብ ዘሎ ልዑል ድልየት ብምብጋስ፡ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን፡ ኣረኣእያኡ ኣነጺሩ፡ ውዳቤኡ ኣጽፊፉ፡ ግብራዊ ዝኾነ መደብ ስራሕ ነዲፉ፡ ተግበርቲ ኣካላት ኣቑሙ መተግበሪ ቅጥዒ ኣውጺኡ ክሰርሕ ምስ ዝኽእል ሕመረትን መሪሕን ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ኪኸውን ብቕዓት ከም ዝህልዎ ሰደኤ ይኣምን። ኣብ ምሕያሉ ድማ ሰደኤ ዝከኣሎ ክገብር ምዃኑ በሪሁ። ብዛዕባ'ቲ ክሳዕ ሕጂ ዘሎ መርገጺ ሰደኤ ጉዳይ ኮምሽን ዶብ'ውን ኣብዚ ርክብ ምስ ኤርትራውያን ተዘሪቡሉ። ዶባዊ ምስሕሓብ ኤርትራ - ኢትዮጵያ ብሽምግልና ሳልሳይ ኣካል ጥራይ መዕጸዊ ክግበር ከም ዝከኣል፡ እቲ ክልቲኦም ወገናት፡ ብይን ኣህግራዊ ኮሚሽን ዶብ ቀያዲ፡ ናይ መወዳእታን ይግባይ ዘይባሃለሉን ኢሎም ብ2000 ዓ.ም. ዝፈረምሉ ስምምዕ ኣልጀርስ፡ ቀንዲ መበገሲ ምዃኑ ሰደኤ ይኣምን። ካልኣይ ጉባኤ ሰደኤ ደጊሙ ዘረጋገጸ ውሳኔ ኸኣ

ካብዚ ይብገዝ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ናጽነትን ልዑላውነትን ኤርትራ ክረጋገጽ ኣብ ናይ 1993 ረፈረንዱም ዝወሰዶ መርገጺ፣ ብትግባረ ውሳኔ ኣህገራዊ ኮምሽን ዶብ ከረጋግጾን፣ ብመሰረት ጽቡቕ ጉርብትናዊ ዝምድናን ሓድሕዳዊ ምክብባርን ኣብ ሞንጎ ክልቲኤን ኣሓት ሃገራት ክዛዝምን ጉባኤ ጸዊዑ ኣሎ። መንግስቲ ህግደፍ ምርግጋጽ ዲሞክራስያውን ሰብኣውን መሰላት፣ ምስረታ ቅዋማዊ መንግስትን ሕግን፣ ማሕበራዊ ፍትሕን ርግኣትን ኣብ ኤርትራ ከይረጋገጽ፣ ንኣብያ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንምምልካት ዶብ ከም ረቛሒ ገይሩ ዝህቦ ምስምስ ብሰልፍና ኩኑን'ዩ ብምባል ሓምድ ድራር፣ ኣብዚ እዋን'ዚ ግዜን ካልእ ሕጂ ዘይተጋህደን ኣሉታዊ ሳዕቤናት ከይመጸ ብይን ኮምሽን ዶብ ኣብ ግብሪ ክትርጎም ምጥላብ ሰደኤ ሓላፍነትን ግቡእን ኩሉ ኤርትራዊ ተቓዋሚ ፖለቲካዊ ውድባትን ደሞክራስያዊ ምንቅስቃሳትን፣ ኣህጉራዊ ፖለቲካዊ ውድባትን መንግስታትን'ዩ ኢሉ ይርእዮ።

ህግደፍ ንዝኾነ ክፋል ህዝቢ ኤርትራ ኣይውክልን'ዩ ካብ በልና፣ ጉዳይ ሰላም ምስ ጎረባብቲ ሃገራትን ዓለምን ኣብ ሞንኩብና ምህላዉ ከነረጋግጽ ይግባእ። ህግደፍ ጉዳይ ዶብ ምስ ኢትዮጵያ ንህዝቢ ንምርዓድን ኣብ ትሕቲ መግዛእቱ ንኽቐጥረን ዝጥቀመሉ መስርሒ ኮይኑ ከም ዘሎ'ዩ ሰደኤ ዝኣምን።
ዕለት 19 ሕዳር 2006 ኣብ ከተማ ስቶክሆልም ዝተኻየደ ኣኼባ ፈጻሚ ኣካል ሰደኤ ምስ ኤርትራውያን፣ እዚ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ ሕቶታት ዳርጋ ብምሉኡ ኢዩ ቀሪቡ። እቲ ዝቐርብ ዝነበረ ሕቶታትን ርእይቶታትን'ውን ምስ ኣኼባ ኡፕሳላ ተመሳሳልነት ነይሩዎ። ኣገባብ ኣቀራርባ ግን ብዓረብን ትግርኛን ነይሩ። ገለ ካብ ዝቐረቡ ሕቶታትን ብመራሕቲ ኣኼባ ዝተዋህበሎም መልስታትን ከምዞም ዝስዕቡ ክጥቀስ ይከኣል።

- ጉዳይ ፍልይ ዝበለ ዝምድና ሰደኤ ምስ ፍሉያት ተቓወምቲ ውድባት
- ጉዳይ ዶብን ኢትዮጵያን
- ጉዳይ ሸሪዓን ብሄራትን
- ጉዳይ ሰላማዊ መንገዲ ቃልሲ
- ጉዳይ ኣብ ሕቡእ ማእሰርቲ ህግደፍ ሞይቶም ዝተባህለ ዜናን
- ጉዳይ ድኽመት ተቓወምቲ ኣብ ሓቢርካ ምስራሕ

መራሕቲ ኣኼባ ኣብ መልሶም፡-

ብዛዕባ ምስ ገለ ውድባት ኣሎ ዝበሃል ፍሉይ ዝምድና ንምጥናፍ ዝምልከት ሓምድ ድራር ኣብ ዝሃቦ መልሲ፡ ምስ ኩለን ተቓወምቲ ውድባት ኣብ ኪዳን ኮነ ወጻኢ ዘለዋ ብመትከል ርክብና ንልዝብን ሓቢርካ ምስራሕን ዋላ'ውን ክሳብ ኣብ ሓደ ምጥርናፍ ድልየትን ባህግን ሰደኤ እዩ። ምስ ፍሉያት ውድባት ዘሎ ሓሳብ ምጥርናፍ ንዝተባህለ ግን ምስ'ዚ - ምስ'ቲ ኢልና ኣብዚ መድረኽ'ዚ እንዛረበሉ ኣይኮነን። እንተድኣ ኣብኡ በጺሕና ከኣ ብግሉጽን ወግዓውን ክግለጽ ዘለዎ ሕብእ - ሕብእ ዘየድልዮ ጉዳይ ምዃኑ ኣብሪሁ።

- ጉዳይ ብሄራት፡- ሰደኤ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣብ ሞንጎ ኩሉ ኤርትራዊ ብሄር፡ ሃይማኖት ጾታ ብዘይኣፈላላይ ናይ ግቡእን መሰልን ፍጹም ማዕርነትን ምርግጋጽን እዩ ዝኣምንን ዝቃለስን።

- ጉዳይ ሃይማኖት፡- እምነትን ሃይማኖትን ብዘይ ፍልልይ ብማዕረን ምክብባርን ንምንባር ሰደኤ ጽኑዕ እምነቱን ዝቃለሰሉ ጉዳይን እዩ። ነፍሰ ወከፍ ኤርትራዊ ሃይማኖታዊ ጉጅለ ኣብ ስድራቤታውን ሃይማኖታውን ጉዳያቱ፡ ባህላዊ ልምዱን፡ ሃይማኖታዊ እምነቱን ሕግታቱን ክኽተል መሰሉ ሕሉው ኪኸውን እዩ።

- ኣብ ሕቡእ ቤት ማእሰርቲ ዘለዉ ዝለዓለ ፖለቲካዊ ስልጣን ዝነበሮም ዜጋታትን ጋዜጠኛታትን ሞይቶም ዝብል ዜና ንሕና'ውን ከም ሰብና ሰሚዕና ኢና። ብወገን ሰደኤ ግን ኣረጋጊጽና እንፈልጦ ሓበሬታ የብልናን።

- ጉዳይ ድኽመት ተቓወምቲ፡- ብሓባር ምስራሕን ሓድነትን ብዙሓት ተኻፊልቲ ዘልዓልዎ ኣገዳሲ ሕቶ'ዩ። ኣቐዲሙ ከም ዝተጠቐሰ ኸኣ፣ ሰደኤ ንለበዋን ሕቶን ጽምኣት ደሞክራስን ፍትሕን ዘለዎ ህዝብና፡ ንምዕጋብ ኩሉ ዓቕምና ዘፍቕዶ ጸዕሪ ክንገብር ምዃና በሪሁ።

እዘን ኣብዚ መልሲ ዘየስፈርናለን ሕቶታት ኣብቲ መግለጺ በሪሁ ብዘሎ መልክዕ ይምለስ ስለ ዝነበረ ካብ ምድግጋም ንምቕጣብ ኢዩ።

ሰደኤ

ክፍሊ ዜናን ህዝባዊ ርክባትን

ሕዳር 2006